# ኤርትራ ውፉይ ጻዕሪ ንዞባዊ ሰላምን ዕብየትን

ዝሓለፈ ሰሙን ፕረዚደንት ሪፑብሊክ ኬንያ፡ ዊልያም ሩቶ፡ ኣብ ኤርትራ ወግዓዊ ምብጻሕ ኣብ ዝፈጸመሉ፡ ኤርትራን ኬንያን ኣብ ምርግጋጽ ዞባዊ ሰላምን ጸጥታን፡ ኣብ ምምዕባል ዞባዊ ንግድን ወፍሪን ብሓባር ክሰርሓ ኣብ ስምምዕ በጺሐን። ኣቐድም ኣቢሉ እውን፡ ፕረዚደንት ፈደራላዊት ሪፑብሊክ ሶማልያ ሓሰን ሼክ ማሕሙድ ተመሳሳሊ ምብጻሕ ፈጺሙ ነይሩ። ራእይ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ፡ ሰላምን ፍትሒን ዝሰፈና ሃገር ልምዓትን ቀጻሊ ዕብየትን ምህናጽ እዩ። እዚ ዘቤታዊ ራእይ'ዚ ክሰምር፡ ህላወ ሰላማዊን ርጉእን ተመላላእን ጎዶቦ ወሳኒ ምዃኑ ድማ፡ ጽኑዕ እምነት ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ'ዩ። ካብዚ እምነት'ዚ ብምብጋስ፡ ኤርትራ፡ ዋላ እኳ ዘተኣማምን ውሽጣዊ ጸጥታን ሰላምን እትውንን ሃገር እንተኾነት፡ ጎዶቦኣ ብምሉኡ ሰላምን ቅሳነትን ረኺቡ፡ ልቡ ኣውዲቑ፡ ናብ ልምዓትን ምትሕብባርን ሽርክነትን ምዕባለን ኬቕንዕ ልዑል ባህጊ ኣለዋ። ክንዲ ዝኾነ፡ ሰላምን ጸጥታን ናይዚ ዞባ ዘውሕስ ዓቕምታት ንምህናጽ፡ ኣብ መንጎ ሃገራት'ዚ ዞባ ባህላዊን ቁጠባዊን ምትእስሳር ዜደልድል፥ ሕውነት፡ ማዕርነትን ምትሕብባርን ዜማዕብል፥ ሓባራዊ ቁጠባዊ ምዕባለን ሽርክነትን ዜደንፍዕ ባይታ ንምፍጣር፡ ብሃናጺ ጽምዶ ውፉይ ጻዕሪ ኣብ ምክያድ ትርከብ። ከም ዝፍለጥ መንግስቲ ኤርትራ፡ ፍትሒ ብዘድምጽ ተባዕን ቅኑዕን መርገጺኡ'ዩ ዝፍለጥ። ብደረጃ ሃገር ኮነ ጎዶቦ ኣብ ውሽጣዊ ዓቕምታትካ ምምርኳስ ብዝብል መትከሉ ድማ፡ ሃገራት ዞባና፡ ንምርግጋጽ ዞባዊ ሰላም፡ ጸጥታን ምዕባለን ብናይ ሓባር መረዳእታ ኪጸምዳ፡ ሓባራዊ ጸጋታተን ተመላሊኡ ዝሰርሓሉ መካኒዝም ክፈጥራ፡ ልዑል ኣተኩሮ ሂቡ ክሰርሓሉ ጸኒሑን ኣሎን። የግዳስ፡ እዚ ስኒትን ምትሕብባርን ኣህዛብ ዝብህግ፡ ሕንከራ ዓበይቲ ሓይልታት ዝቃወም፡ ዘይቅኑዕ ፖሊሲታት ብትብዓት እናነቐፈ ንኹሉ ዘርብሕ ሓሳባት ዝፍልቕ መርገጺ ኤርትራ፡ ነቶም ኣህዛብ ሓድሕድ ኣናቑቶም፡ ሰላምን ጸጥታን እናዘረጉ፡ ብምሕደራ ቅልውላው ቀጻልነት ምዝመዛን ግብትናን ኬውሕሱ ዝደልዩ ሓይልታት ዝምእምእ ኣይኮነን። ከም ዓቢ ስግኣት ክጥመት ምጽንሑ እውን ዝፍለጥ እዩ። ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝቐንዐ ጽዑቕ ናይ ምስይጣን ዘመተ፡ ምንጩ ካልእ ዘይኮነ እዚ ሓርነትን ርእሰ ምርኩሳን ዝማእገሩ ቅኑዕ መትከል ዝፈጠሮ ስግኣት እዩ። መርገጺ ኤርትራ፡ ካብ ሓቀኛ ባህጊ ርግኣትን ዕብየትን ዝነቅል፡ ጥዑይን ምዕሩይን ዝምድና ህዝብታት ዜማዕዱ፡ እቲ ልክዕ ፍኖተ ሰላምን ልምዓትን ብምዃኑ፡ ምስናይ ኩሉ ዕንቅፋታት፡ ማእዝኑ ከይስሓተ፡ ኣብ ቅኑዕ ሓዲድ ረጊጹ ክምርሽ ጸኒሑ ኣሎ። ሎሚ ንቕሓት ህዝቢታት ዞባና ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ በሪኹ፡

**ቅኑዕነት መርገጺ ኤርትራን ሰፊሕ ልቦና መሪሕነታን፡ ኣብ ቅድሚ ኩሎም ህዝብታት ዞባና ከም ጸሓይ ቀትሪ ደሚቑ ኣሎ። ምስቲ ብዓለም ደረጃ እናሓየለ ዝመጽእ ዘሎ ፍትሒን ማዕርነትን ዝጠልብ ድምጺ ተጸንቢሩ ድማ፡ ቅኑዕን ሰጓሚን መርገጺ መንግስቲ ኤርትራ፡ ጽልዋኡ እናሰፍሐ ክኸይድ ምዃኑ ርጉጽ እዩ።**

**ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ**

**ረቡዕ 14 ታሕሳስ 2022**

**ሓዳስ ኤርትራ**